# ንስሓ ካብ ዓለማውነትን ጥምቀት ብመንፈስ ቑዱስን።

## (ካብ ኣብ ጴንጠቆስተ ቤቴ-ክርስትያን የካቲት 2012 ዝተዋህበ መልእኽቲ ዝተወሰደ)

ተስፋታትን ትእዛዛትን ኣምላኽ ልክዕ ከምቲ ደው ክንብልን ክንከይድን ዘድልየና ኽልተ መሓውር እግርና ኢዩ። ብተስፋታት ጥራይ ክትነብር ትፍትን እንአ ኮንካ እዚ ከም ብሓደ እግርኻ ከም ምኻድ ኢዩ። ስለዚ ንኹሎም ተስፋታት ኣምላኽ ኣይክትምኮሮምን ኢኻ፤ ኣብ ነፍሰ-ጥበራ ከኣ ክትነብር ኢኻ። ብትእዛዛት ጥራይ ክትነብር ምፍታትንውን፤ ሓደ ብዘይ ተስፋታት ንትእዛዛት ክትፍጽሞም ኣይክትክእልን ኢኻ፤ ካልኣይ ከኣ ኣደዳ ጽቕጥን ተስፋ ምቝራጽን ክትከውን ኢኻ። ስለዚ ክልቲኡ ትእዛዛትን ተስፋታትን ኣምላኽ ኢዩ ዘድልየና።

እንተኾነ ግን ንመጽሓፍ ቑዱስ ተጠንቂቅና እንተ ዘየጽኒዕናዮ ንተስፋታትን፡ትእዛዛትን ኣምላኽ ክንፈልጦ ኣይንኽእልን ኢና። ንጓሶትን (pastors) ነቶም ኣብ ተለቭዥን ዝሰብኩ ጥራይ ትሰምዕ እንተ ኴይንካ፤ ንቓል ኣምላኽ ኣይክትፈልጦን ኢኻ፤ ምኽንያቱ መብዛሕትኡ ግዜ ንቓል ኣምላኽ ከም ዝግባእ (ብልክዕ) ገይሮም ኣይጠቕስዎን፤ ንትእዛዛቱውን ብልክዕ ኣይምህርዎን እዮም። ስለዚ ንቓል ኣምላኽ ባዕልኻ ከተጽንዖ ኣለካ። ክርስትያን እንተ ኮንካ ንመጽሓፍ ቅዱስ ካብ ኩሎም ካልኦት መጻሕፍቲ ናይዛ ዓለም ንላዕሊ ጽቡቕ ጌርካ ክትፈልጣ ይግብኣካ እዩ። ንምጽናዕ መጽሓፍ ቑዱስ ሃካይ እንተ ድኣ ኮንካ፡ ክርስትናዊ ሂወትካ ሰንኮፍ ምኳኑ ኣይተርፍን እዩ። ዳግም ዘይተወለድካ ከለኻ፤ ዳግም ዝተውለድኩ እየ ኢልካ ክትሓስብ ዝከኣል እዩ። ኩሉ እቲ ዘለካ ኣመኩሮ ኣምሱላውን ሓሶትን ከሎውን- መንፈስ ቅዱስ ከም ዝተመላእካ ክትሓስብ ዝከኣል እዩ። ።ግንከ ቃል ኣምላኽ ብጥንቃቐ እንተ ድኣ ኣጽኒዕካ፡ክትታለል ኣይትኽእልን ኢኻ።

**እቶም ንቃል ኣምላኽ ብጥንቃቀ ዘየጽንዑ እንተ ተታለሉ ወይ ስሓቱ እዚ ከረኽቡ ይግብኦም ኢዩ** -ምኽንያቱ እዚኣቶም ን ኣምላኽ ከምዚ እዮም ዝብልዎ ዘለዉ፡ ‘ንስኻ ንደቂ ሰባት መጽሓፍ ከም ዝጽሓፍካ ይፈልጥ’የ፡ ግናኸ ንኸንብቦ ግዜ የብለይን። ብዙሕ ኣገደስቲ ነገራት ክገብሮ ዘሎኒ ኣሎ ከም ቴሌቭዥን ምርኣይን ኢንተርነት ምጥቃምን። ስለዚ ንዓኻ ክህበካ ዝኽእል ቅሩብ ግዜ ኣብ ሰንበት ጥራይ’ዩ ።’ እዚ እንተ ድኣ ኮይኑ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዘሎካ ኣረዳድኣ፡ እሞ ንስኻስ ዳግም ዘይተወለድካ’ውን ክትከውን ዝከኣል እዩ። ኩሎም ጥዑያት ሕጻናት፡ ኩሉ ግዜ ጸባ ደልዮም ይበኽዩ። ከምኡ ውን ኩሎም ዳግም ዝተወልዱ ክርስትያናት መዓልታዊ መንፈሳዊ ጸባ ማለት ቃል ኣምላኽ ይብህግዎ እዮም ና(1ይ.ጴጥ 2፡2)። የሕዋትን ኣሓትን ብዛዕባ እዚ ሓቂ ክነግረኩም ይደሊ።ምኽንያቱ ነቲ ሓቂ ብዘይ ምንጋረይ ኣብ ግዜ ፍርዲ ክትዉቕሱኒ ኣይደልይን ኢየ። ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ጐይታ ዝበለኒ ነገር ኣሎ፤ ንሱ ድማ ንደቂ ሰባት ዘፍቅሮም እንተ ድኣ ኮይነ ሓቂ ክነግሮም ኣሎኒ፤ ወላ ክቕበሉዎ ኣይፍተዉ።

ኣብ ቃል ኣምላኽ ብዙሕ ኣገረምቲ ተስፋታት ኣለዉ። ሓድሽ ኪዳን ከኣ እሞ ካብ ብሉይ ኪዳን ንላዕሊ ዝኾኑ ብዙሕ ኣገረምቲ ተስፋታት ኣለዋ። ኩቡራትን ኣደነቅትን ተስፋታት ይብሃሉ(2ይ.ጴጥ.1፡4) ኣብ ውሽጢ ገዛኻ (ካንሸሎኻ) ክቡርን ሕቡእን መዝገብ ከም ዘሎ ምስ እትፈልጥ፡ንእኡ ንምርካብ ክንደይ ግዜ ኮን መጥፋእካ ነርካ፡ ከምኡውን ተስፋታት ኣምላኽ ካብዚ ምድራዊ መዝገብ ንላዕሊ ከም ዝበልጽ ምስ እትርዳእ፤ ነቶም ተስፋታት ክሳብ ትረኽቦም ግዜካ ኣብ ምኹዓት (ምድላይ/ምጽናዕ) ቃል ኣምላኽ መሕለፍካዮ ኔርካ።

ሓምለ 1959 ንጐይታ ህይወተይ ዝወፈኹላን ዝሃብኩላን ዕለት እያ። ብድሕርኡ ሽውዓት ዓመታት ቃል ኣምላኽ ብዕትብ ምጽናዕ እናገብርኩ የሕሊፈየን። ናብ ቤት-ትምህሪ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይከድኩን። ኣብተን ሽውዓተ ዓመታት ኣብ ሓይሊ ባሕሪ እየ ዝሰርሕ ነይረ። ካብ ስራሕ ነጻ ኣብ ዝኾንኩሉ ግዜ፣ ኣብ ክፍለይ ኮፍ ኢለ ቃል ኣምላኽ የጽንዕ ነበርኩ። እዚ ከኣ ንኣንፈት ናይ ህይወት መቐይሮ ኮነኒ። ብዙሓት ኣገርመቲ ተስፋታት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ድህሲሰን ረኺበን፣ ነዞም ተስፋታት ብዝኣወጅኩሉ መጠን ከኣ፣ ናይ ሰማይ መንፈስ ኣብ ህይወተይ ይዘርኡለይ ነበሩ።

ምስ ተመርዓኹ ከኣ ቃል ኣምላኽ እንደገና ነቲ ናይ ሰማይ መንፈስ ኣብ ሓዳረይ (ቤተይ) ኣምጺኡለይ እዩ። ድሓር ሰበይተይን ኣነን ተስፋታት ኣምላኽ ኣብ ደቅናውን ኣወጅናዮ። ትእዛዛቱ ከኣ መሃርናዮም። ከም ውጽኢቱ ከኣ ክሳብ ሕጂ ኩሎም ንጐይታ ይስዕብዎ ኣለዉ። ኣምላኽ፣ ልክዕ ከምቲ ገንዘብ ኣብ ባንካ ዘለና ሕሳብ ገንዘብ፣ ከምኡዉን ብተስፋታቱ ክነብር ኢዩ ዝደልየና። ንኣብነት እታ ትሰርሓላ ዘለኻ ኩባንያ፣ ሞቕሽሽ ኢሎም ብላዕሊ እንተ ዝህቡኻ ኣይምስተቀበልካዮን’ዶ፤ ወይ ድማ ኣብ ባንክ ሕሳብካ ኣሕሊፍናልካ ኣሎና እንተ ዝብሉኻ ነይሮም፡ ኣብ ሕሳብ ባንካኻ ከም ዘሎ ሓቅነቱ ኣይመረጋገጽካን’ዶ፤ መብዝሓትኦም ክርስትያናት ካብ ናይ ኣምላኽ ተስፋታት ምእዋጅ ንላዕሊ ናይ ባንክ ሕሳባቶም ብህንጡይነት ከረጋግጹ ይቐሎም። ስለዚ እዩ ኸኣ ህይወቶም ሶንኮፍ ዝኸውን።

ትእዛዛትን ተስፋታትን ኣምላኽ እዩ ብመንፈስ ሃብታማት ዝገብረና። ብሓቂ እዚ እንተ ድኣ ኣሚንና፣ ንኹሎም ክንረኽቦም መታን ብሙሉእ ልብና ክንደልዮም ኢና። ኩላትና እነንብራ ሓንቲ ሂወት ኢያ ዘላትና፡ ስለዚ ኣ ህይወትና ንጹር ዝኾነ ዕላማ ክህልወና ኣለዎ። ዕላማና ምስ ሞትና ናብ መንግስተ ሰማይ ክንከይድ ጥራይ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ሓደ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ደው ምስ በልና ብዙሕ ክንጣዓስ ኢና።

ዕላማይ ህይወተይ እንታይ ምዃኑ ከነግረኩም። ጸሎተይ እዚ ኢዩ፡ 'ጐይታይ ቅድሚ ካብዛ ዓለም ምስንባተይ ኩሉ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝኣዘዝካዮ ትእዛዛትካ ክእዘዞ ማለት ብህይወተይ ክትግብሮ ኢዩ ድልየተይ። ብዛዕባ እቲ ንደቂ እስራኤል ዝተኣህበ ትእዛዛት ኣይኮንኩን ዝግደስ ዘለኹ፡ ግናኸ ኩሉ ትእዛዛትካ ንዳግም ዝተወልደ ክርስትያን ክሕልዎ ዝተዋህበ እየ ዝብል ዘለኹ፡ ንኩሉ ክእዘዞ እየ ዝደሊ ቅድሚ ካብዛ ዓለም ምስንባተይ። ከምኡውን ኩሉ ተስፋታት ሓድሽ ኪዳን ነቶም ናይ ሓድሽ-ኪዳን ንክርስትያናት ዝተዋህበ ክእውጅ እየ ዝደሊ ቅድሚ ካብዛ ዓለም ምኻደይ።'

እዚ ልክዕ ከምቲ ውሉደይ ብኹሉ ዓይነት ዓወደ-ትምህርቱ (courses) ክሓልፉ ዝደልዮ ኢዩ። ዉሉደይ ኣብ ትምህርቶም ብከፊሉ ጥራይ እንተ ወዲኦም (ሓሊፎም) ኣየዕግበንን እዩ። ከምኡ ውን ኣብ መንፈሳዊ ትምህርተይ ንኹሉ ብዓወት ፈጺመዮ ክሓልፍ ኢዩ ድልየተይ።

ሎሚ ኣብ ዓለምና እቲ ዘሕዝን፣ መብዛሕትኦም ኣመንቲ ኢና ብሃልቲ ኣእምሮኦም ብሰማያዊ ሓሳብ ዝተታሕዘ ክኮኑ ዝግብኦም ብምድራዊ ሓሳብ ተታሒዞም ክትርኢ ከለኻ- እሞ ከኣ ኣብ መንጎ እቶም መንፈስ ቑዱስ ተመሊእና በሃልትን፡ ካልኦትን ፍልልይ ዘይምህላው እዩ። ክልቲኦም ሓሳቦም ምድራዊ ጥራይ ኢዩ። ክልቲኦም ፈተውቲ ገንዘብን ፈተውቲ ክብሪ ደቂ ሰባትን ኢዮም። ሕጂ ውን ነቶም መንፈስ ቑዱስ ተቀቢልና ኢና ብሃልቲ ክርስትያን፣ ኣምላኽ ይዛረብ ኣሎ፣  ከምዚ ድማ ይብል 'ካብ ምድራዊ ሓሳብኩም ተነስሑ'።

ዮሃንስ መጥመቅ፡ ከም ጸራጊ መንገዲ ናይ ጐይታና የሱስ ኮይኑ፡ ንህዝቢ ኣብ ልቦም ንጐይታ መገዲ ክዳልዉ ነጊርዎም። ከምኡውን ንሕና ንክርስቶስ ኣብ ልብና ክንዕድሞ ከሎና፡ መጀመርታ መልእኽቲ ዮሃንስ መጥመቅ ክንእዘዝ ይግብኣና ኢዩ። ማለት 'መንግስተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ እሞ፣ ተነስሑ' (ማቴ.3፡2) እያ። በዚ ጥራይ ኢና ክርስቶስ ናይ ህይወትና ጐይታ ንኽከውን 'መንገዲ ነዳልውሉ'።

ዮሃንስ ብልክዕ ንህዝቢ እንታይ ኢዩ ዝብሎም ዝነበረ ፧ ንእስራኤላውያን ዝብሎም ዝነበረ እዚ ኢዩ፡ንዝሓለፈ 1500 ዓመታት ካብ ግዜ ሙሴ ጀሚርኩም ሓሳብኩም ብምድራዊ ነገራት ጥራይ ኢኹም ተታሒዙ ነይሩ። ኩሉ ተስፋታት ኣብ መጽሓፍኩም ዘሎ ብዛዕባ ምድራዊ ኢዩ። ካብ ኦሪት ዘፍጥረት ክሳብ ሚልክያስ ወላሓንቲ ውን ትኹን ብዝዕባ ሰማያዊ በረኸት ተስፋታት ኣይተዋህበኩምን። ኩሉ ተስፋታት ምድራዊ በረኸት ጥራይ ኢዩ፤ ብንዋት ክትህብትሙ ፡ ሕርሻኹምን ስራሕኩምን ክባረኽ፡ ካብ ሕማምኩም ክትፍወሱ፡ ንምድራዊ ጸላእትኹም ክትስዕሩን ደቅኹምውን ከማኹም ክባረኹን። ሕጂ ግና ካብዚ ኩሉ ተነስሑ ማለት ካብዚ ነገር እዚ ሙሉእ ብሙሉእ ተመለሱ። ካብዞም ምድራዊ በረኸታት ምድላይ ተመለሱ፡ ምኽንያቱ መንግስቲ ኣምላኽ ቀሪባ እያ፣ ትመጽእ ኣላ። ሓደ ካብ ሰማይ ዝመጽ ኣሎ፣ ንሱ ብመንፈስ ቑዱስ ከጥምቐኩም፣ ንመንግስተ ሰማይ ከኣ ናብ ልብኹም ከምጽኣ እዩ። እዚ ክገብር ዝኽእል ግና ካብ ምድራዊ ነገራት ምድላይኩም ምስ ትምለሱ ጥራይ ኢዩ። 'እዚ ኢዩ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ስብከት ዮሃንስ።' ነዚ መልእኽቲ እዚ ኢናውን ንሕና መልሲ ክንህበሉ ዝግባእ ቅድሚ ብመንፈስ ቑዱስ ምጥማቅና። (መንፈስ ቅዱስ ክንጥመቕ እንተ ኳንና ነዚ መልእክቲ ዮሃንስ ግቡእ መልሲ ክንህበሉ እዩ ዝግብኣና)።

መንፈስ ቑዱስ ሰማያዊ ሂወት ኣብ ልብና ምእንቲ ክህልወና ኢዩ ካብ ሰማይ ዝመጽእ። ምድራዊ ሓሳብ ዘይኮነስ ሰምያዊ-ሓሳብ ኣዩ  እቲ መሰረታዊ መለለዩ ናይቲ ብሓቂ መንፈስ ቅዱስ ዝተመልአ ክርስትያን። ሰማያዊ ሽቱ ክህልዎ ይገብር። ተቐጣዕን ስምዒቱ ዘይቆጻጸርን ኣብ ሰበይቱ ዝጭድርንሲ መንፈስ ቅዱስ ተመሊኣ'የ ክብልዶ ይኽእል፤ ከምዚ ዝኣመሰለ ሕርቃን/ቁጥዓ ካብ ካልእ መንፈስ እንበር ካብ መንፈስ ቑዱስ ዝመጸ ኣይኮነን። ኣብ ሰማይ ጽቡቅ ባህርዩ ዘጥፍእ ዝቑጣዕን የለን።

ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ምስ መልኣኒ ኣብ ሂወተይ እንታይ ከም ዘጋጠመ/ዝተፈጸመ ይፈልጥ ኢየ። ዳግም ምስ ተወለድኩ እንተኾነውን እቲ ባህሪ ኣዳም (መጽሓፍ ቑዱስ ከም ዝብሎ 'ስጋ') ኣባይ ሓይሊ ነይሩዎ ኢዩ። መንፈስ ክርስቶስ ምስ መልኣኒ ግና፣ ንሱ ናብ ምስሊ ክርስቶስ ናይ ምልዋጥ መስርሕ ኣብ ሂወተይ በብቑሩብ ጀመረ። የሱስ ክርስቶስ ፉጹም ኣብነት መንፈስ ዝተመልአ ሰብ ኢዩ። ኣምላኽ ከኣ ብምልኣት ንእኡ ክንመስል እዩ ዝደልየና።

ዮሃንስ መጥመቅ ከምዚ በለ፡ 'እዚ ገንሸል ኣምላኽ መጀመርታ ንኹሉ ሓጥያትኩም ከርሕቐልኩም ኢዩ'። ብኻልእ ኣበሃህላ መጀመርታ ንጣሳኹም ከጽርዮ ኢዩ። ንጣሳኹም ግን ጥራያ ኣይሓድጎን'ዩ፡ ንጣሳኹም ክመልኦ ኢዩ። ብመንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ከመልኣኩም ንልብኹም ከጽርዮ ኢዩ፤ ሽዑ ካብ ውሽጥኹም (ካብቲ ናይ ውሽጢ ሰብኩም) ርባታት ማይ ህይወት ክውሕዝ እዩ።

ኣብ ብሉይ ኪዳንውን ሰባት 'ብመንፈስ ቅዱስ ይምልኡ' ነይርም እዮም። እቲ ግና ከም ናይ ሓድሽ ኪዳን  ምልኣት መንፈስ ቅዱስ ሓደ ዓይነት ኣይኮነን። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ወ. ዮሃንስ 7፡39 እዚ ናይ ሓድሽ ኪዳን ምልኣት መንፈስ ቅዱስ የሱስ ክሳዕ ዝኸብር (ዝዓርግ) ኣይወሃብን እዩ ይብል።

እስኪ ፍልልዩ ክገልጸ ፦ሓደ ጣሳ ንቁልቁል ኣፉ ደፊእካ ኣብ ልዕሊኡ ማይ ምስ ተፍስሰሉ፡እቲ ማይ ብዘይምቁራጽ ናብ ኩሉ መኣዝን ኣቢሉ ምፈሰሰ። እዚ ስእሊ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣምላኽ ከመይ ገይሩ መንፈሱ ኣብ ባሮቱ ከም ዘፍሰሰን ብባሮቱ ገይሩ ከኣ ንብዙሓት ኣሽሓት ከም ዘባረኸን ዘርኢ ኢዩ። መንፈስ ኣምላኽ ናብ ጊደዎን፡ ሲምሶን፡ ሳኦልን ዳዊትን ምስ መጸ፡ ኣምላኽ ከኣ

ብኣታቶም ገይሩ ንእስራኤላውያን ካብ ጸላእቶም የናግፎም ነይሩ። ግናኸ ናብ ውሽጢ ልቦም ምስ ትርኢ (እቲ ጣሳኦም) ሓጥያት ዝመልኦን ረሳሕን ኢዩ ነይሩ። ጣሳኦም ቁልቁል ኣፉ ዝተደፍአ እዩ ዝነበረ። ኣብ ልቦም ዝሙትን፡ ምምላኽ ጣኦትን ነይሩ። መንፈስ ኣምላኽ ናብ ጊደዎን ምስ መጸ (መሳፍንቲ 6፡34) ንእስራኤል ካብ ሚድያናውያን ኣድሓኖም። ግናኸ ኣምላኽ ምስ ብዓቢይ ነገር ምስ ተጠቅመሉ፡ ከይዱ ንርእሱ ጣኦታት ገይሩ ከምልኾም ጀሚሩ(መሳፍንቲ 8፡24–27)፤ እቲ ውሽጣዊ ጣስኡ ረሳሕ ነይሩ። ከምኡውን ልቢ ሳኦል ይኹን ዳዊት ረሳሕ ኢዩ ነይሩ።

ግናኸ ኣብ መዓልቲ ምውራድ መንፈስ ቑዱስ (Pentecost)፣ ኣምላኽ ነታ ቁልቁል ኣፉ ተደፊኣ ዝነበረት ጣሳ ኣቕንዓ እሞ፣ መንፈስ ቅዱስ ናብታ ጣሳ (ልብና) ኣፍሲሱ፣ ነታ ጣሳ (ልብና) መጀመርታ ውሽጣ ኣጽርዩ ብድሕሪኡ መንፈሱ መልኣ። ብድሕሪ እዚ ከኣ እቲ ማይ 'ካብቲ ናይ ውሽጢ ሰብና' ክውሕዝ ጀመረ (ወ. ዮሃንስ 7፡38)። ክሳብ እታ መዓልቲ እቲኣ፣ ከምቲ ጐይታ ዝበሎም፣ መንፈስ ቅዱስ 'ምስኦም' ጥራይ ኢዩ ነይሩ ፡ካብ እታ መዓልቲ ሓምሳ (Pentecost) ንድሓር ግን መንፈስ ቅዱስ 'ኣብኦም' ማለት ኣብ ውሽጦም ኮነ (ወ. ዮሃንስ 14፡17)። እዚ ኢዩ ድማ ፍልልይ ተመኩሮ ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ብሉይ ኪዳንን ተመክሮ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሓድሽን ኪዳንን።

ስለዚ ሎሚ ሓደ ሰባኺ፣ ኣምላኽ ብሓይሊ ምስ ተጠቐመሉ፣ ኣብ ምንዝርና እንተወደቐ፣ እዚ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኣገልጋሊ ኣምላኽ ከምዘይኮነ እዩ ዘረጋግጸልና። እዚ ልክዕ ከምቲ ናይ ቡሉይ ኪዳን ሰባኺ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊኡ እንበር ኣብ ውሽጡ ከም ዘይነበረ ኢዩ ምኽንያቱ ልቡ ገና ደድሕሪ ትምኒት ኣንስቲ እዩ ዘሎ። ፈታው ገንዘብ ዝኾነ ሰባኺ ውን ልቡ ገና ረሳሕ ኢዩ ዘሎ፡ ከመይሲ መንፈስ ክርስቶስ ገንዘብ ኣየፍቅርን ኢዩ። ሓደ ገንዘብ ዘፍቅር ሰብ መንፈስ ቅዱስ ዝተመልአ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ኣምላኽ ንኽምዚኣቶም ሰበኽቲ ክጥቀመሎም ይኽእል ይኸውን። እዚ ግና ልክዕ ከምቲ ማይ ኣብ ልዕሊ ጣሳ ዝውሕዝ ኢዩ፡ውሽጢ ግና ከይተቀየረ ኢዩ ዝተርፍ።ከምቲ ጐይታ የሱስ ዝበሎ፡በታ መዓልቲ እቲኣ መጺኦም በቲ ዝገበርዎ ኣገልግሎታት ኣብ ቅድመይ ክምክሑ ኢዮም ግን ንሱ(ጐይታ)ናብ ሲኦል ክሰዶም ኢዩ(ማቴዎስ.7፡22–23)።

ንምንታይ ኢኻ ንኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ ክመልኣካ ትሓቶ፧ ኣምላኽ ቅድም ክጥቀመልካዶ ወይስ ክጽረየካ ኢኻ እትደሊ፧ ኣምላኽ ንኽትንበ ወይ ሕሙማት ከተሕዊ...ወዘተ ጥራይ ክጥቀመልካ ትደሊ እንተ ኾንካ ንስኻ ብርግጽ ናብ ብሉይ ኪዳን ተመሊስካ ኣሎኻ።

ዳዊት ምስ ባትሴባ ሓጥያት ድሕሪ ምግባሩ ፡ ሓጥያቱ ከም ዝተፈለጠ ኣብ መዝሙር ጺሒፉ ኣሎ። ግንከ ኣብ መዝሙር 51 ሓደ ንእሽቶ ስምዒት ኣሎ፣ ንሱ ድማ ካብ ሕድገት ሓጥያት ንላዕሊ ፍሉይ ካልእ ነገር ዘይረኸቦ ምርካብ ኢዩ። ኣምላኽ ብዝተፈላለየ መገድታት ተጠቒሙሉ ኢዩ። ግንከ ከምዚ በለ 'ጐይታይ ይፈልጥ ልዕሊ ኩሉ ንስኻ ንሓቂ ኣብ ውሽጢ ኢኻ እትደልዮ (መዝሙር.51፡6)። ኣብዚ ሓቂ ክብል ከሎ ቅንዕና ማለት ኢዩ። ዳዊት ይፈልጥ ነይሩ ኢዩ፡ ኣምላኽ ውሽጣዊ ሂወቱ ቅሉዕን ቅንዑን ክኸውን ከም ዝደልዮ። ግናኸ ንሱ ከምኡ ኣይነበረን። ከምኡ ዓይነት ህይወት ክህልዎ ይብህግ ነይሩ፣ግናኸ ኣብ ብሉይ ኪዳን ክረኽቦ ኣይክእልን እዩ። ንስኻ/ኺ ኸ ነዚ ከምዚ ዓይነት ህይወት ባህጊ ኣሎካ/ኪ ዶ፧ ሓደ ሰብ ደጋዊ ሂወቱ ንጹህ እንከሎ፣ውሽቱ ግና ብኣንጻሩ ምስ ዝኸውን፣ ንሱ ጉቡዝ ኢዩ። ንሱ ኣብ ትሕቲ ብሉይ ኪዳን ኢዩ ዝነብር።

የሱስ ከምዚ በለ ኣብ ወ. ዮሃንስ 7፡38 እቶም ኣብ ሓድሽ ኪዳን መንፈስ ቅዱስ ዝቕበሉ ዘበሉ ካብ ከብዶም ርባታት ማይ ህይወት ክውሕዝ ኢዩ 'ካብቲ ዓሚቅ ውሽጣዊ ሰብነቶም ወይ ልቦም' ። ኣብዚ እቲ ኣገዳሲ ነገር እቶም ርባታት ዘይኮኑስ፡እቶም ርባታት ዝውሕዝሉ ቦታ ወይ ምንጪ ፣ ካብቲ ዝዓሞቀ ልብና ወይ መንፈስና። ነዚ ኢዩ ዳዊት ኣብ መዝሙር 51 ገሊጽዎ ዘሎ። ካብ ከብዱ ክብሃል ከሎ ካብ ውሽጢ ጣስኡ ማለት እዩ። ዳዊት ዝተሞኮሮ ወይ ዝነበሮ ወሓዚ በረኸት ኣምላኽ ኣብ ደጋዊ ጥራይ እዩ።

ንስኻ/ኺኸ ከምዚ ድዩ ዝመስል ሂወትካ/ኪ፧ ተሞክሮ መንፈስ ቅዱስ ናይ ብሉይ ኪዳንዶ ወይስ ሓድሽ ኪዳንዩ ኢዩ ዘሎካ/ኪ፧ ነቲ ብሓቂ ዝባሃግካዮ ኢኻ ትረክብ፡ ነቲ እትሓቶ ኢኻ ከኣ እትረክብ። ጸሎትካ ኣምላኽ ተጠቀመለይ ጥራይ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ምናልባት ኣምላኽ ክጥቀመልካ ይኽእል ኢዩ። ግናኸ ልክዕ ከምቲ ቁልቁል ኣፉ ዝተገምጠለ ጣሳ ኢኻ ክትከውን፡ውሽጢ ልብኻ ግን ተደጋጋሚ ሓጥያትን ፡ዘይጽሩይን ኮይኑ ኢዩ ዝተርፍ።ምናልባት ኣምላኽ ብኣኻ/ኺ ገይሩ ዓበይቲ ስርሓት ይገብር ይኸውን፡ግናኸ ልክዕ ከም ሳምሶም ትኸውን፡ ልብኻ/ኺ ግን ባህጊ ሓጥያት ዝመልአ ። እዚ ዲኻ/ኺ ትደሊ/ዪ ዘሎኻ/ኺ፧እዚ ናይ ሓድሽ ኪዳን ምምላእ መንፈስ ቑዱስ ኣይኮነን።

ኣብ ቡሉይ ኪዳን ትነብር እንድሕር ኣሎኻ ሓቅታት ናይቲ ካብ ከብድኻ ርባታት ማይ ሂወት ዘውሕዝ ኣይክህልወካን'ዩ። እዚ ካብ ናይ ገዛእ ርእሰይ ተሞኩሮ ይፈልጦ ኢየ። ድሕሪ ዳግም ምውላደይ፡ኣምላኽ ሓይሊ ክህበኒ ክሰብኽን ክጥቀመለይን ጸልየ።ኣምላኽ ድማ ተጠቂሙለይ።ግናኸ ምስ ግዜ፡ ውሽጣዊ ጣሳይ ረሳሕ ኮይኑ ረኺበዮ።

ኩሉ ዕለታት ሂወተይ ከም ዳዊትን ሳምሶምን ምኾነ ነይሩ፡ምኽንያቱ ማያት ብልዕለይ እና ወሓዘ ንኻልኦት ስለ ዝባረኾም። ኣብ ዝተፈላለየ ኣገጣሚታት ከም ኮንፈረንስ ይኹን : ራድዮ : መጻሕፍቲ፣ ኣብ ዝተፈላለይ ክፋላት ዓለም ብስብከት፣ ብኣሽሓት

ዝቁጸሩ ሰባት ክባርኹ ክኢሎም እዮም። ግናኸ ልበይ ረሳሕ ኣብ ልዕሊ ሓጥያት ድማ ዓወት ኣይነበረንን። ግቡዝ ኢየ ነይረ።ከም ዳዊት ከእዊ ጀሚረ ' ኦ ጐይታ ንሓቂ ኣብተ  ዝዓሞቀ ውሽጢ ልበይ ኢኻ እትደልዮ፡ግናኸ እዚ የብለይን። ብኩነታተይ ሕጉስ ኣይነበርኩን። ናይ ሓድሽ ኪዳን ተሞክሮ  መንፈስ ቑዱስ በሃግኩ። ኣብ መወዳእታ ምስባኽ ደው ከብሎ ወሲነ፡ምኽንያቱ ግቡዝ ኢየ ነይረ።ምሕረትን ለውሃትን ኣምላኽ ኣብቶም ከምዚ ኸማይ ዝበሉ ሓጥኣን ዓቢ ስለ ዝኾነ፡ጐይታ ረኺቡኒ ብመንፈስ ቑዱስን ሓውን ድማ ኣጠሚቑኒ።

ሓዊ እንታይ ኢዩ ዝገብር፤ የጽሪ። ዮሃንስ መጥመቅ ንእስራኤላውያን ከምዚ በሎም፡ኣነ ብማይ ጥራይ የጥምቀኩም ኣለኹ፡ግናኸ የሱስ ብሓዊ ከጥምቐኩም ኢዩ። ሂወትኩም ካልእ ከጽርየኩም ዘይኮነሉ እቲ ሓዊ ከጽርየኩም ኢዩ። ሰባት ናባይ መጺኦም ብመንፈስ ቑዱስ ክጥመቑ ኢደይ ኣብ ልዕሊኦም  ከንብረሎም ምስ ዝሓቱኒ፡ ፡ከምዚ ኢለ ይነግሮም፡ ኣነ ገለ ነገር ኣብ ኢደይ ዘይብለይ ኣብ ልዕሌኹም እንተ ኣንበርኩ ወላሓንቲ ዝፍጸም ነገር የለን።ከምቲ ዝነበርኩሞ ኢኹም ትተርፉ።ካባይ ዝብርትዕ ግና ካልእ ኣሎ።ንሱ ንበይኑ ብመንፈስ ቑዱስን ሓውን ከጥምቀኩም ኢዩ። ናብ የሱስ ኪዱ።

ንዓይ ብመንፈስ ቑዱስን ሓውን ዘጥመቀኒ የሱስ ኢዩ። ብጐይታ ኣማኒ ካብ ዝኸውን ድሕሪ 16 ዓመት ጣሳይ ካብ ቁልቁል ኣፋ ናብ ላዕሊ ዝገልበጦ፣ ንሱ ኢዩ ፡  መንፈስ ቑዱስ መሊኡኒ ኣብቲ ዝዓሞቀ መንፈሳዊ ልበይ ካብኡ ድማ ርባታት ክውሕዝ ጀሚሩ። ንዓኻ/ኺ ውን ከምኡ ክገብር ይከኣሎ ኢዩ። ኣብ ኣምላኽሲ ኣድልዎ የሎን። ስለዚ ናብኡ ኪድ ሕጂ።

ግናኸ ከምቲ ኣቀዲምና ዝርኣናዮ፡ዮሃንስ መጥመቅ ንህዝቢ መጀመርታ ካብ መንግስቲ ምድሪ ኣብ ምድላይ ተመለሱ ኢዩ ዝበሎም(ማቴ.3፡2)። የሱስ እቲ ብመንፈስ ቑዱስን ሓውን ዘጥምቅ ኣብ ሂወትና መንግስቲ ኣምላኽ ክትህሉ ኢዩ ዝደልየና።'ተነስሑ' ማለት ልክዕ ከምቲ ኣብ ውትህድርና ዝጥቀሙሉ 'ሪትለስ' ዝብልዎ  ከምኡ ማለት ኢዩ።ወይ ድማ እዚ ማለት 180 ዲግሪ ሙሉእ ብሙሉእ ኣንፈትካ ካብ ሓደ ወገን ናብ ካልእ ወገን ምልዋጥ ማለት ኢዩ።እንድሕር ናይ ብሓቂ ሙሉእ በረኸት መንፈስ ቑዱስ ንደሊ ኣሎና ኮይና፣ ካብ ምድራዊ በረኸት ምድላይ ገዲፍና ናብ ሰማያዊ በረኸት ምድላይ ንምለስ።

ሎሚ ናይ ሙብዛሕትኦም ብመንፈስ ቑዱስ ክጥመቁ ዝደልዩ ጸገም ገና ምድራዊ በረኸት ኣብ ምድላይ ስለዝሕልፍዎ ኢዩ።ንኸምዚኣቶም ዝበሉ ሰባት ሰይጣን ንመንፈስ ቑዱስ ዝመሲል እሞ ድማ ዘይኮነ ዓቢ ተሞክሮ ይህቦም።ብዙሓት ብቋንቋ ንዛረብ ኢና ብሃልቲ ናይ ብዙሓት ሃይማኖታት ሰባት ኣለዉ፡እሞኸ ሓቂ ካብ ሓሶት ከመይ ገርና ኢና ክንፈልዮ እንኽእል፤ ካብ ምድራዊ ነገር ምድላይ ተመሊስና ናብ ሰማያዊ ብምድላይ ጥራይ ኢና።

ኩሉ ህያባት መንፈስ ቑዱስ ተቐዲሑ (ተመስሪሑ) እዩ። እዚ ከኣ እቲ እንኮ ናይ ሓቂ ውህበት መንፈስ ቑዱስ ኣዝዩ ኩቡር ከም ዝኾነ እዩ ዘረጋግጸልና። ንሕሱር ነገር ከም ጋዜጣ ማዜጣ ቀዲሑ (ሓቂ  ኣምሲሉ) ክሸይጥ ዝደሊ የለን። ሰባት ንኹቡር ነገር ጥራይ ኢዮም ክቕድሑ (ነቲ ኦሪጅናል ኣምሲሎም ከመስሪሑ) ፡<u>ንኣብነት </u>:- ሉል፡ወርቂ፣ ባጤራ.... ወዘተ። ስለዚ ብቋንቋ ምዝራብ ፣ ትንቢት ፡ፈውሲ ኣዝዮም ኩቡርራት ክኾኑ ኣለዎም። ስለዚ እዩ ከኣ ሰይጣን ነዞም ህያባት ዝቐድሖምን ዝምስርሖምን።

ሉል ክትገዝእ እንተ ደሊኻ እሞ ከኣ ብዛዕባ ሉል ትፈልጦ ወላሓንቲ ነገር እንተ ዘይብልካ፡ ብቀሊሉ ክትታለል ትኽእል ኢኻ።ስለዚ ሓደ ብዛዕባ ሉል ዝፈልጥ ምሳኻ ትማላእ ኢኻ። ኣብ ምድራዊ ነገር ከምዚ ጌርካ/ኪ ኣዚኻ/ኺ ትጥጠንቀቕ። ካብኡ ንላዕሊ ኣብ ናይ ሰማይ ውህበት ክትጥንቀቕ 'ዶ ግዳ ኣይምተገብኣካን ነይሩ፤ ከመይሲ ሰይጣን ብሕሱር ነገር ዋጋ ብዘይብሉ ኣታሊሉካ/ኪ ከይህሉ ንምርግጋጽ። ናይ ብሓቂ ጥምቀት ብመንፈስ ቑዱስን ሓውንዶ ተቀቢልካ ኢኻ፤ እቶም ምሳኻ/ኺ ዘለዉ ኩሎም ውህበታትከ ብሓቂ ናይ መንፈስ ቅዱስ ድዮም፤ እዞም ሕቶታት እዚኣቶም ንነፍስኻ/ኺ ክትሓቶ/ትዮ ዘለካ/ኪ ኣገደስቲ ሕቶታት ኢዮም።

ይዝከረኒ ንመጀመርታ እዋን ጥምቀት ብመንፈስ ቑዱስ ዝደለኹሉ። ናብ ቤተ ክርስትያን ነዚ ጥምቀት ብመንፈስ እትሰብኽ ከይደ ነይረ፡ ብዙሓት ሰባት ብዙሕ ድምጺ ክገብሩ ሰማዕኩ። ስርዓት ዘይብሉ ኢዩ ነይሩ። እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ጓሶት ማሕበር ከኣ ኣብ ገንዘበይ እዮም ዝግደሱ ነይሮም፣ ምኽንያቱ ብዓል ስልጣን ኣብ ሓይሊ ባሕሪ ምንባረይ ስለ ዝፈለጡ። ጉህየ ናብ ቤተይ ተመሊሰ ከምዚ ኢለ ጸለኹ :- 'ጐይታይ እዚ እዞም ሰባት ዘለዎም ክትህበኒ ኣይደልይን ኢየ ።ብዙሕ ድምጺ ከመይ ገይረ ከም ዝገብር ዝምህረኒ መንፈስ ኣይደልን እየ፡ ብፍቕሪ ገንዘብ ባርያ ገንዘብ ክኸውን ዝገብረኒ መንፈስውን ኣይደልን ኢየ። ኣነ ዝደሊ እቲ ጴጥሮስ፡ያቆብ፡ዮሃንስ ዝተቀበልዎ ኣብ መዓልቲ ሓምሳ(pentecost)ዝነበሮምን ካብዛ ዓለም እዚኣ ሓራ ዝገበሮምን፡ ምስክራትካ ክኾኑ ሓይሊ ዝሃቦምን መንፈስ ቑዱስ ኢየ ዝደሊ። ሑሱርን ውህበት-ዝመስልን ውህበት ኣይደልይን እየ። ነቲ ኩቡር ዝኾነ መንፈስ ቑዱስ ክቕበል ወላ ውን 10 ዓመት ይውሰደለይ ክጽበየካ እየ።

ሕሰቡ እሞ፣ ከምቲ ህንጡይነት ሓደ ተማሃራይ ካብ ህጻንነቱ ጀሚሩ ደረጃ ትምህርቱ ኣብቲ ዝልዓለ ዶክትረይት (PhD) ክበጽሕ ኢሞ ክሳብ 20 ኣመታት ክጽበ ፍቓደኛ ዝኾነ። ካብ PhD ምርካብዶ  ግዳ ሓይሊ መንፈስ ቑዱስ ምርካብ ኣይበልጽን፤ ሓይሊ መንፈስ ቑዱስ ከም ናይ PhD ዘለዎ ሰብ ብዙሕ ገንዘብ ከትረክብ ኣይገብረካን'ዩ፡ ግናኸ ንኣምላኽ ብዙሕ ጥቓሚ ይገብረካ እዩ።

ንኹሉኹም ዳግም ዝተወለድኩም ክርስትያናት ዝሓተኩም ሕቶ ኣሎኒ፡ ‘ድልየትኩም ናብ መንግስተ ሰማይ ምኻድ ጥራይ ድዩ ወላስ ቅድሚ ናብ መንግስተ ሰማይ ምኻድኩም ኣብዚ ምድሪ ንየሱስ ክርስቶስ ምስዓብ ኢዩ፧’

ጐይታ መንፈስ ቑዱስ ምስ መልኣኒ፡ ኣብ ከባቢ ህንዲ ንዘለዉን ናብ መንግስተ ሰማይ ጥራይ ክኸዱ ዝደልዩን ሰባት ንኸይደሊ ወሲኑ፡ እንታይ ድኣ ንየሱስ ኣብዛ ምድሪ ክስዕብዎ ንዝደልዩ ሰባት ምርካብ ኢዩ ነይሩ ድልየተይ። ልዕሊ ቢልዮን ዝኾኑ ሰባት ኣብ ህንዲ ናብ መንግስተ ሰማይ ክኸዱ ድልየት ኣለዎም። ናብ ሲኦል ክኸይድ ድልየት ዘለዎ ሰብ ኣይረኸብኩን! ናብ መንግስተ ሰማይ ክትከይድ ምድላይካ ጥራይ መንፈሳዊ ኣይገብረካን እዩ። ኹሉ ሰብ ናብ መንግስተ ሰማይ ክኣቱ ይደሊ እዩ።

ኣነ ግና ፣ ቅድሚ ናብ መንግስተ ሰማይ ምኻዶም፣ ኣብዚ ምድሪ ንየሱስ ክርስቶስ ዝስዕብዎን ብምልኣይ ከኣ ንእኡ ዝነብሩን፣ ሰባት እየ ዝደሊ ዘለኹ። ከምዚኦ ሰባት ብጣዕሚ ዉሑዳት ከም ዝኾኑ ይፈልጥ፡ግናኸ ነዚኣቶም ንምርካብ እየ ን37 ዓመታት ዝኣክል ግዜ ኣብ መብዛሕትኡ ክፍልታት ዓለም ዝሐለፍኩ። ነቶም ናይ ምድሪ መንግስቲ እናደለዩ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ክምልኡ ዝጽበዩ ክርስትያናት ኣይኮንኩን ዝደሊ ። ኣነ ነቶም ነቲ ናይ ዮሃንስ መጥመቅ ትእዛዝ ዝእዘዙ፣ ማለት ካብ ምድራዊ ነገራት ምድላይ 180 ዲግሪ ተመሊሶም፣ ነቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ዝደልዩ፣ ኢየ ዝደሊ ዘለኹ ።ኣነ ፡ነቶም ንንጽህና ልዕሊ ገንዘብ ዝደልዩ ምርካብ ኢዩ። ክንደይ ካባኻትኩም ሎሚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተንሲኦም ከምዚ ዝብሉ :-‘ጐይታ ኣብዚ ምድሪ ንኽነብር ገንዘብ ከም ዘድልየኒ ይፈልጥ ኢየ።ግናኸ ናባኻ ክቀርብ ንጽህና ኢዩ ዘድልየኒ።ስለዚ ጐይታ ካብ ገንዘብ ንላዕሊ ንጽህና ኢዩ ዘድልየኒ ሎሚ።ካብ ክብረትን ሃብትን እዛ ዓለም እዚኣ ንላዕሊ ኣነ ዘገድሰኒ ሓዊ ኣምላኽ ኣብ ሂወተይ ክህሉ ኢዩ።’

ብሓቂ ከምዚ ኢልካ እንተ ጸሊኻ፡ ርግጸኛ እየ ኣብ ቀረባ ግዜ ብመንፈስ ቑዱስ ከም እትጥመቅ።

ሓደ እዋን ኢዩ ይዝከረኒ ሓደ ሰብ ን 40 ዓመት ዝኸውን ብመንፈስ ቑዱስ ክጥመቅ ኢለ ጸልየ ኢሉ ይነግረኒ፣ ግናኸ ንእኡ ኣይረኸቦን። መልሰይ ንእኡ እዚ ዝስዕብ’ዩ ነይሩ፡ ቀጻሊ ምድራዊ ነገራት ትደሊ እንተ ኼንካ፣ነቲ ሓቀኛ ምልኣት መንፈስ ቑዱስ ኣብ 100 ዓመት’ውን እንተ ኾነ ክትረኽቦ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብ ገለ ኣኼባታት ወይ ጉባኤታት ገለ ሕሱር ምስሉይ ነገራት ትረክብ ትኸውን በዚ ሑሱር ነገራት ድማ ዓጊብካ ትኸይድ ትኸውን። ግናኸ እቲ ናይ ብሓቂ ጥምቀት ኣይረኸብካዮን።ነቲ ሓቀኛ ጥምቀት ብመንፈስ ቑዱስ ንምርካብ፡ ዋጋ ክትከፍል ኣለካ።

ኣምላኽ ኣብ ቃሉ ዝሃበና ብዙሓት ኣደነቕቲ ተስፋታት ኣለዉ ። ከምቲ ኣቀዲመ ዝበልኩዎ ‘ክቡራትን ዓበይትን ተስፋታት’(2ይ.ጴጥ.1፡4) ኣዮም። ግናኸ ኩሎም ተስፋታት ምስኦም ዝተተሓሓዘ ቅድመ-ኩነት ኣለዎም። ከምቲ ስራሕ ክትረክብ እንድሕር ኮንካ መጀመርታ ከተማልኦ ዘሎካ ረቋሒታት ዘሎ፡ ከም ትምህርቲ ዝሓትት ወይ ድማ ልምዲ ስራሕ ወዘተ። እዞም ዝተጠቅሱ ከየማላእካ ቃለ መሕትት ክትገብር ናብቲ ስራሕ ምስ እትኸይድ፡ እቲ ዋና ስራሕ ድማ ከምዚ ኢሉ ይምልሰልካ፡ ስለምንታይ እዞም ዝተጠቅሱ ረቋሒታት ከይኣማላእካ ናብዚ ክትመጽእ ግዜኻ ኣጥፊእካ፧ እቲ ክትገብሮ ዝግብኣካዶ ኣየንበብካዮን ወይ ኣይሰማዕካን ኢኻ፧ ኪድ ገዛኻ ኢኻ፣ ይብለካ።

ስለዚ ናብ ጐይታ ምስ መጻእኻ፡ ጐይታ፣ ‘ከምቲ ዮሃንስ መጥመቅ ብዛዕባኻ ዝበሎ፣ ብመንፈስ ቑዱስን ሓውን ኣጠምቐኒ፡ እንተ ኢልካ፧ ጐይታ ከኣ ‘ነቲ ዮሃንስ መጥምቕ ዝጠቐሶ ረቛሒታት ኣማሊእካዮ ዲኻ፧ ካብ ምድራዊ ነገራት ምድላይ ጠቕሊልካ ተመሊስካ ዲኻ፧ ሕጂኸ ነቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ዲኻ ትደሊ ዘሎኻ፧’ ክብለካ እዩ። እንተ ዘይኮነ ጐይታ ፣ ኪድ ገዛኻ ነቲ ረቋሒታት ምስ ኣማላእካ ናባይ ተመለስ፣ ክብለካ እዩ። ካብ ዝረኣኽዎም ብዙሕ ግዜ፣ መብዛሕትኦም ክርስትያናት መንፈስ ቑዱስ ኣሎና ባሃልቲ እቲ ተሞክርኦም ሓሶት ኢዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሂወቶም ሓይሊ ይኹን ቅድስና ኣይርኣይን እዩ።

የሱስ ክርስቶስ 11 ሃዋርያት ነይሮሞ። እዚኣቶም ብጣዕሚ ዉሕድቲ ማሕበር እዮም ነይሮም። መንፈስ ቑዱስ ምስ መልኦም ግና ዝተለውጡ ሓያላት ደቀ መዛሙርቲ ክርስቶስ ኮይኖምን ንኣሽሓት ዝኾኑ ሰባት ከኣ ደቂ መዛሙርቲ ከም ዝኾኑ ገይሮምን። ሎሚ መንፈስ ቑዱስ ተመሊእና ብሃልቲ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ዝሓዛ ዓበይቲ ማሕበራት ኣለዋ። ግናኸ ብሓጥያት ዝተሳዕሩን ፈተውቲ ገንዘብን ሓይሊ ዘይብሎምን እዮም። ምኽንያቱ እቲ ተሞክሮኦም ምስሉይ እዩ። ሓቀኛውን ኣይኮነን።

ሓደ እዋን ዛንታ ናይ ሓንቲ ኣንስተይቲ ማንቲለ ምስ ዋዕሮ ክትዛራረብ ከላ ከምዚ በለት ‘ዝሓለፈ ዓመት 24 ማንቲለታት ዉሉድ ወሊደ። ንስኺኸ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ክንደይ ወሊድኪ፧ እታ ዋዕሮ ከኣ ከምዚ ኢላ መለሰትላ :- ሓደ ጥራይ እየ ወሊደ ግናኸ ኣንበሳ ኢዩ በለታ። ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ብዝሒ ሰባት ኣብ ማሕበሮም ዝሳተፉ ክዛረቡ ክሰምዕ ከለኹን ብዙሓት ሰባት ብመንፈስ ቑዱስ ዝተጠመቑ (ንሳቶም ከም ዝብልዎ) ክሰምዕ ከለኹ፣ ነዛ ዛንታ እየ ዝዝክር። : ካብዞም ናይ ሎሚ ኣሽሓት ብቋንቃታት ዝዛረቡ ክርስትያናትን : ሓደ ካብቶም ኣብ መጀመርታ ዝነበሩ ሃዋርያት ንኣምላኽ ኣዝዩ ይጠቕሞ።

ብቋንቋታት ምዝራብ ኣናኢሰዮ ኣይኮንኩን። ግናኸ እዚ ምሳኻ/ኺ ዘሎ ህያብ ቋንቋታት ምዝራብ ናይ ሓቂ ምዃኑ ብኸመይ ትፈልጥ/ጢ፧

ን37 ዓመታት ዝኸውን ብቋንቋ ተዛሪበ ኣለኹ፣ እንታይ ከም ዝገበረኒ ክነግረኩም : ዳግም ዝተወለድኩ ክርስትያን ካብ ዝኸውን 16 ዓመታት ሓሊፉ እዩ ቅድሚ ብቛንቋታት ምዝራበይ።ኣብዘን 16 ዓመታት ከኣ ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ተስፋ ምቝራጽን ጸቕጥን ሕርቃንን ሕማቕ ባህርያትን ነበረኒ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ በረኽቲ ይመላለስን ጽቡቅ ይሕጎስን መብዛሕትኡ እዋን ግን ኣብ ሩባታት ጸቕጢ ኢየ ዘሕልፎ ነይረ። ልክዕ ከም ኩሎም ዳግም ዝተወልዱ ክርስትያናት እየ ነይረ። ድሓር ግን ኣብ 1ይ ቈረንጦስ 14፡4 ከም ዝተጻሕፈ እቲ ብቋንቋ ዝዛረብ ንርእሱ ኢዩ ዝሃንጽ።እሞኸ ኣነስ ንነፍሰይ ክሃንጽ ኢየ ዝደሊ ነይረ።ሓደ ሰብ ኣብ ሓንቲ ገዛ ቦምብ እንተዘቐምጥ እቲ ቦምብ ተፈንጂሩ ነቲ ገዛ ምበታተኖ። ድሕርኡ ካልእ ሰብ እንደገና እንተ ዝሃንጾ፣ መሊሱ ጽቡቕ ህንጻ ይኸውን ፦ ምህናጽ ክብሃል ከሎ ብጽቡቕን ሰሓብን ነገራት ጌርካ ምንዳቅ ማለት ኢዩ። ስለዚ ምህናጽ ማለት ንዝፈረሰ ነገር ምንዳቕን ምጽባቕን እዩ። ‘እቲ ብቋንቋ ዝዛረብ ንርእሱ ናብ ሓደ ጽቡቕ ነገር ኣቢሉ ይሃንጽ’። ደስ ትብል ትርጉም።

ስለዚ ንጐይታ ከምዚ ኢለ ሓቲተዮ ፦ ‘ጐይታ ነዚ ዝሓለፈ ሓቅነት ዘይነበሮ ካባኻ ዝርሓቀ ዝተፈንጀረ ሂወተይ ዳግምዶ ክትሃንጸለይ ትኽእል ኢኻ፧’ዳግም ዝተወለድኩ እየ ግን ብዙሕ እዋን ሕማቅ ስምዒታት ኣሎኒ። መልሓሰይ ክቆጻጸር ኣይክእልን ኣብ ዝሓርቀሉ እዋን ልክዕ ከም ድያብሎስ ይዛረብ። ብሓቂ ሰማያዊ ዝኾነት መልሓስዶ ክትህበኒ፧ ከም ጽቡቅ ህንጻዶ ክትሃንጸኒ፧ እዚ ንዓይ ክትገብረለይ ይደሊ ኣለኹ።’ ተስፋ ኣይነበረኒን።

ብድሕሪኡ ኣምላኽ መንፈሱ መሊኡንን ንሂወተይ ከኣ ብፍጹም ለውጢ  ቀይርዋ። ኣምላኽ ውህበት ብቋንቋታት ምዝራብ ጥራይ ዘይኮነ ሂቡኒስ ከምኡውን ንቛንቃ ኣደይ ምዝራብ ክቆጻጸር ድማ ሓይሊ ሂቡኒ። በዚ እየ ናይ ሓቂ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝተቀበልኩ ዝፈለጥኩ። እንድሕር ውህበት ብቋንቋታት ምዝራብ ኣሎኒ ትብል ኴንካ እሞ ድማ  ነቲ ትፈልጦ  ቋንቋ ኣደኻ ምዝራብ ዘይትቆጻጸሮ እንተ ኮንካ፣ ውህበትካስ ጠቅላላ ካብ መንፈስ ቑዱስ ኣይኮነን።

ካልእ ድማ ካብ ተስፋ ቁርጸትን ሕማቕ ጠባይን ነጻ ኮይነን 'ኩሉ ሳዕ ሕጉስ ብጐይታ ምኻን ተለማሚደ። ክሳብ ሕጂ ብዙሕ ፈተነታት ትብዓትን ተስፋ ምቍራጽን የጋጥመኒ እዩ። ግናኸ ይጻረሮን እቲ ፈተነታት ካባይ ክሳብ ዝኸይድ ብቋንቋ ይዛረብን። እዚ ህያብ ብቋንቋ ምዝራብ ኩሉ ሳዕ ይሕልወኒ ሓድሽ ክኸውንን ካብ መንፈሳዊ ድርቀት ይከላኸለለይን። ስለዚ ድማ ኩሉ ግዜ ኣብ ምግልጋል ካልኦት ቅብኣት መንፈስ ቑዱስ ይህለወኒ። ስለዚ እዚ ውህበት እዚ ከም ካልኦት ውህበታት  መንፈስ ቑዱስ  ንዓና ዝተዋህበሉ ምኽንያት ንኻልኦት ንበረኸት ክንከውን እዩ።

ልዕሊ ኩሉ ግን : ህላውነት የሱስ ንዓይ ሓቂ ኮይኑ እዩ፣ ካብታ መንፈስ ቑዱስ ዝተቀበልኩላ ንድሓር ከኣ እቲ ኣባይ ዘሎ ካብ ሰይጣን ከም ዝብርትዕ ፈሊጠ። ኣብቲ ፈለማ እዋን ርኹስ መንፈስ ዘለዎም ክረክብ ከለኹ የፍርሁኒ ነይሮም እዮም። ሕጂ ግን ነዞም ከምዚ ዝበሉ ሰባት ርኹስ መንፈስ ካብኣቶም ብምውጻእን  ክሕግዞም ኪኢለ። ቅድም ንድያብሎስ ዝፈርሃሉ ግዝያት  ነይሩ ሕጂ ግን ድያብሎስ ንዓይ ኢዩ ዝፈርህ።

ኣነ ፍሉይ ሰብ ኣይኮንኩን። ግናኸ ኣምላኽ ብመንፈስ ቑዱስ ምስ መልኣኒ ነቲ ቀንዲ ናይ ብሓቂ ክርስትና ረኺበዮ። ኩሉ ድልየታተይ ንጐይታ የሱስ ሂበዮ፡ ሎሚ ኣብ ምድሪ ዘብህገኒ ነገር የሎን፣ ብዘይካ ጐይታ በይኑን፡ ክሳብ ንጐይታ ዝርእዮ ገጽ ንገጽ ፍቃዱ ክገብር ጥራይ ኢየ ዝደሊ።

ሂወት መብዛሕትኦም  ዳግም ተውሊድና ዝብሉ ኣብ ከባብየይ ዘለዉ ክርስትያናት ክርኢ ከለኹ፡ ልክዕ ከምቲ ድሕሪ ዳግም ምውላደይ ዝነበርኩዎ 16 ዓመት ዝኸውን፣ ከምኡ ኮይኑ እዩ ዝረኽቦ ሂወቶም። ነዞም ከምዚኦም ክርስትያናት ኣይንዕቆምን እየ ወይ ድማ ኣይወቕሶምን እየ። ከመይ ገይረ፧ ኣነ ውን ሓደ እዋን ከምኣቶም ነይረ እየ። ሓደ ነገር ግና ክብሎም ይደሊ፡ ኣምላኽ ንዓኹም ዝሓሸ  ነገር ኣለዎ። ካብ ናይ ምድሪ ነገራት ምድላይ ተመለሱ ኣብ ሰማይ ዘሎ ድለዩ። ከምኡ ድማ የሱስ መንፈሱ ክመልኣኩም እዩ።ሂወት ናይ ሓድሽ ኪዳን ካብ ሂወት ቡሉይ ኪዳን ብሚልዮን ግዜ ይበልጽ።

የሱስ ብናይ ምድሪ ነገራት ሃብታማት ክገብረና ኣይመጸን፡ ክብረት  ክህበና ኢሉውን ኣይመጸን፦ ኣብዛ ዓለም ይኹን ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ንዕኡ ከም እንመስል ክገብረና ኢሉ ኢዩ ዝመጸ፣ ማለት ፈቃራትን ትሑታትን ቅዱሳንን ክገብረና። ብደቂ ሰባት ንዑቃትን ጽሉኣትን ክንከውን ከምቲ ንሱ ዝረኸቦ። ብንብረት እዛ ዓለም ከም ፍቃድ ጐይታ ድኻታት እንተ ኾንና ግናኸ ብመንፈሳዊ በረኸት ሃብታማት ኢና።

እቲ ንኣብርሃም፡ንእዮብ፡ንዳዊት፡ንሶሎሞን ብምድራዊ ሃብቲ ሃብታማት ዝገበሮም ኣምላኽ፣  እንተ ዝደልዮ ነይሩ ብቀሊሉ ንጐይታና የሱስ፡ጴጥሮስ፡ጳውሎስን ካልኦትን ብምድራዊ ሃብቲ ሃብታማት ምገበሮም ነይሩ። ግንከ ኣይገበሮን - ምኽንያቱ የሱስ ዝመጸ መንግስተ ሰማይ ክኸፍተልናን ሰማያዊ ሃብቲ ክህበናን ኢዩ። ወላ እኮ ሃዋርያ ጳውሎስ ክዛረብ ከሎ ከምዚ ይብል ኣብ 2ይ ቆሮንጦስ 6፡10 ‘ከም ድኻታት፡ንቡዙሓት ግና ነጻጉ ኢና፡ኩሉ ከሎናስ ሓንቲ ከም ዘይብሎም ኮይና ንርእ ኣሎና’። እዚ ናይ ሓቂ ሓድሽ ኪዳን፣  መንፈስ ቅዱስ ዝተመልአ ክርስትና እዩ።

ሎሚ ድምጺ ካብ ሰማይዶ ትሰምዕ/ዒ ኣሎኻ/ኺ፧ እዚ ናይ ብሓቂ ፍቱው ድምጺ ኢዩ። ጐይታ ከምዚ በለ ‘ወደይ :  ጓለይ ንዑ ናብ ላዕሊ ቦታ ዉጹ።ኣብዚ ሕጂ ትነብርዎ ዘለኩም ቦታ፣ ኣብ ዝትሓተ ቦታ ክትነብሩ ኣይደልን እየ። ካብቶም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ክርስትያናት ቡሉጻት ስለዝኾንኩም ኣይትተሓጎሱ። ብፍልጠትኩም ኣይትጀሃሩ ወይ ብተሞክሮታትኩም ወይ ድማ ብናይ

ካልኦት ጽቡቅ ናእዳ ብዝሃብኹም ወይ ድማ ማዕረ ክንደይ መንፈሳውያን ብምዃንኩም ብልብኹም ብምሕሳብ። ወላ ውን ማዕረ ክንደይ ኣብ ዝሓለፈ ዝተጠቀምኩልካ/ኪ እንተ ኾንኩ። ንዑ ናብ ላዕሊ ዉጹ።

ኣምላኽ መንፈሱ ክመልኣኩም ይደሊ ኣሎ። ከምዚ ክትብሎዶ ትደሊ ኢኻ፤ 'ጐይታ እቲ ናይ ሓቂ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ይደሊ ኣለኹ። ንነዊሕ እዋን ዝኣክል ብሓቂ ዘይኮነ ይነብር ነይረ እየ'።

ኣብ መወዳእታ ሓደ ነገር ክነግረኩም :-ዘጸቢ ነገር የብልካን። ዘጸቢ ግዜ እንተሎ ኮይኑ፡ ኩሉ ነገር ንዕኡ ክትህቦ ኣምላኽ ይጽበየካ እዩ ዘሎ። ኩሉ ሂወትካ ይኹን ኩሉ ድልየታትካ ... ወዘተ። ምናልባት ገለ ነገር ኣብ ሂወትካ ንዕኡ ዘይሃብካዮ ይህሉ ይኸውን፡ ገለ ንጐይታ ዘይከፈትካሉ ዘይተኸፍተ ማዕጾ ልብኻ፡ ገለ ልምድታት ኣብ ሂወትካ ንኽትገድፎም ፍቃደኛ ዘይኮንካ። ንኽትገድፎ ሕጂ ፍቃደኛዶ ኢኻ፤

ፍቃደኛ ዲኻ ክትድርብዮም እዞም ፊልምታት(Movie-DVDS) እዞም ምሳኻ ዘለዉ ጐይታ የሱስ ምሳኻ ኮይኑ ክርእዮም ዘይክእል፤ ፍቃደኛ ዲኻ ንኽትድርብዮም እዞም (rock-music-CDS) የሱስ ምሳኻ ኰይኑ ክሰምዖም ዘይክእል፤ ፍቃደኛ ዲኻ ንኽትድርብዮም እዞም ምሳኻ ዘለዉ ስእልታት(Magazines) የሱስ ምስ ዝርእዮም ምስ ዘሕፍረካ፤ ፍቃደኛ ዲኻ የሱስ ንገንዘብካ ከመይ ገርካ ኣብ ጥቅሚ ንኽተውዕሎ ከማኽረካ፤ ፍቃደኛ ዲኻ የሱስ ኣብ መንነኻን ብዓልቲ ቤትካን ኩሉ ግዜ ምስኣ ኣብ ትዛረበሉ እዋን ንየሱስ ኣብ ቅድሜኻ ደው ኢሉ ከም ዘሎ ጌርካ ክትዛረባ፤ ከምኡ ውን ንስኺ ኩሉ እዚ ዝተባህለ ኩሉ ፍቃደኛ ዲኺ፤

እዚ ሂወት እዚ ትምነ እንድሕር ኮንካ ይነግረካ ኣለኹ ሎሚ መንፈስ ቑዱስ ክመልኣካ ይኽእል እዩ። ግንኽ ገና ምድራዊ ነገራት ኣብ ምድላይን ንየሱስ ብሉጽ ገዛ ፡ ብሉጽ መኪናን ካልእ ነገራት ነዚ ዝመስል ክህበካ ትሓቶ እንድሕር ኣለኻ ብሓቂ ይብለካ ኣለኹ ክሳብ ናብ ጐይታ ዘይተመለስካን ዘይተነሳሕካን ጐይታ ዝህበካ ወላሓደ ነገር የለን።

ነዚ ክትጥምቱን ጥበበኛታት ክትኮኑን ጐይታ ይሓግዝኩም !

ኣሜን።

©Zac Poonen

February, 2012